**FOLDER BEHANDELING ZALF**

**TAAL:** TIGRINA
**ZIEKTE:** SCABIËS
**BEHANDELING:** ZALF

GEZONDHEIDSZORG VOOR ASIELZOEKERS IN NEDERLAND

## ሓካኪን

**ኣብ’ዚ ናይ ሓብሬታ ጥራዝ ንሓካኪን ዝምልከት መግለጺ ሰፊሩ ይርከብ። ብተወሳኺ’ውን፡ ንምሕዋይ ሕማም ሓካኪን ብክሬም ዝምልከት መብርሂ ሰፊሩ ይርከብ።**

## ሓካኪን እንታይ እዩ?

ሓካኪን ናይ ቆርበት ሕማም እዩ። ብዙሕ ሰሓ ድማ የስዕበልካ። ለይቲ’ድማ ሰሓ ዝያዳ ይብርትዕ። ጠንቂ ናይ’ቲ ሰሓ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ቆርበት ናይ’ቲ ሕሙም ሰፍሩ ዝርከብ ደቂቕ ነፍሳት እዩ። ሓካኪን፡ ዋላ’ኳ ዓቅል’ኻ ዘጽብብ ይኹን፡ ሓደገኛ ግን ኣይኮነን።

## ሓካኪን ብኸመይ ከሕዘካ ይኽእል?

ሓካኪን፡ ካብ ካልእ ሓካኪን ዘለዎ ሰብ፡ በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ክለግበካ ይኽእል፡-

- በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ንልዕሊ 15 ደቓይቕ ምስ ሓካኪን ዘለዎ ሰብ ናይ ቆርበት ርክብ ምግባር፡-
    - ብምትሕቕቓፍ
    - ኢድ ን ኢድ ተታሓሒዝካ ብምኻድ
    - ጾታዊ ርክብ ብምግባር
- ኣብ ሓደ ዓራት ብምድቃስ
- ኣብ ሓደ ዓራት ኮፍ ብምባል
- ናይ ካልእ ሰብ ክዳን ብምግባር

## ሓካኪን ብኸምይ ኣገባብ ክሓዊ ይኽእል?

ሓካኪን፡ ባዕሉ ክሓዊ ኣይክእልን እዩ። እንተኾነ ግን ብመድሃኒት ብቐሊሉ ክሓዊ ይኽእል እዩ። ጎኒ ጎኒ ናይ’ቲ መድሃኒት፡ ክዳውንትኻን ናውቲ ዓራትካን ምሕጻብ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሓካኪን ምስ ዝሕዘኩም፡ ንስኹም ጥራሕ ዘይኮንኩም፡ እንተላይ መጻምድትኹምን ደቅኹምን ናብ ሓኪም ክኸዱ ኣለዎም።

ኣገባብ ኣፈዋውሳ ሓካኪን ብክሬም ኣብ ገጽ 2 ሰፊሩ ይርከብ።

## ምሕዋይ ሓካኪን ብክሬም



1ይ መዓልቲ። መ ዓ ል ት ን  ዕ ለ ት ን : ........................................................................................................



**ክዳውንትኹም**



- ኣብ ዝሓለፈ 3 መዓልታት ወዲኹሞ ዝነበርኩም ክዳውንቲ ኣብ ናይ ጉሓፍ ላስቲክ ኣክብዎ።
- እኹል ቅያር ክዳውንቲ እንተዘይብልኩም ንማእከል ምዕቀቢ ስደተኛታት ሓብሩ።
- ኣብ መሕጸቢ ማሽን ክኣቱ ዘይክእል ክዳውንትኹም ከም ጃኬት፡ ጫማን ናይ ህጻናት ባምቡላታትን ኣብ ካልእ ናይ ጉሓፍ ላስቲክ ትእትውዎ። ነታ ላስቲክ ድማ 3 መዓልቲ ዓሺግኩም ኣቐምጥዋ። እቶም ጠንቂ ሓካኪን ዝኾኑ ነፍሳት ድማ ባዕሎም ክሞቱ እዮም።

**ምሽት**



- ንጽባሒቱ ንግሆ ትጥቀሙሉ ጽሩይ ሽጎማኖን ጽሩይ ክዳውንትን ቀሪብኩም ሕደሩ።

**ምስዳድ ጽፍሪ**



- ናይ ኢድን እግርን ጽፍሪ ኣሕጺርኩም ስደዱ።

**ምልካይ ክሬም**



- ካብ ትሕቲ መንጋጋኹም ኣትሒዝኩም ክሳብ ትሕቲ ጽፍርኹምም ዘሎ መላእ ኣካልትኩም በቲ ክሬም ትልከዩ። ዝኾነ ይኹን ቆርበት ስብነትኩም ክትዘሉ የብልኩምን።
- ሑቕኹም ካልእ ሰብ ከም ዝለኽየኩም ግበሩ። እቲ ዝለኽየኩም ሰብ ግን ጓንቲ ክወዲ ኣለዎ።
- እቲ ክሬም ኣብ ርእስኹምን ገጽኩን ከይትልከይዎ።



- እቲ ክሬም ኣብ ውሽጢ ብልዕቲ ዓል ኣንስተይቲ ክልከ የብሉን።
- ኣብ መንጎ መቐመጫኹም ግን ክልከ ኣለዎ።
- እቲ ክሬም ምሉእ ለይቲ ተለኺኹሞ ክትሓድሩ ኣለኩም (እንተዋሓደ ን8 ሰዓታት)።
- ቅድሚ ምድቃስኩም የእዳውኩም እንተተሓጺብኩም፡ ዳግማይ ኣብ ኢድኩምን ትሕቲ ጽፍሪኹምን ክሬም ክትልከዩ ኣለኩም።

**ብድሕሪኡ ትድቅሱ**



## 2ይ መዓልቲ። ዕለትን መዓልትን፡ ..........



**ካብ ዓራትኩም ትትንስኡ**

---

**ዓራትኩም**



- ተኸዲንኩሞ ዝሓደርኩም ናውቲ ዓራት ከም ኣንሶላን ኮብሊሌቶን ተልግስዎ።
- እቲ ዘልገስኩሞ ናውቲ ዓራት ኣብ ናይ ጉሓፍ ላስቲክ ትእትውዎ።
- እቲ ናይ ጉሓፍ ላስቲክ ድማ ንማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት (ኮዋ) ተረክብዎ።

---

**ምሕጻብ ሰብነት**





- ነብስኹም ተሓጸቡ።
- ብጽሩይ ሽጎማኖ ነብስኹም ኣንቂጽኩም ጽሩይ ክዳውንቲ ትወድዩ።
- እቲ ዝተጠቐምኩምሉ ሽጎማኖ ምስ'ቲ ተኸዲንኩሞ ዝሓደርኩም ክዳውንቲ ብሓንሳእ ኣብ መሕጸቢ ማሽን ትእትውዎ።
- ብ 60 ደግሪ (ውዑይ ማይ) ጌርኩም ድማ ትሓጽብዎ።

---

**ዓራት ምንጻፍ**



- ካብ ማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት ጽሩይ ናውቲ ዓራት ክወሃበኩም እዩ።
- ነቲ ዝተዋህበኩም ናውቲ ዓራት ተጠቒምኩም ድማ ዓራትኩም ተንጽፉ።

## 4ይ መዓልቲ። መዓልትን ዕለትን፡ ..........

ኣብ 4ይ መዓልቲ፡ ነቲ ኣብ ናይ ጉሓፍ ላስቲክ ይእቲኹሞ ዝቐነኹም ክዳውንቲ ክትትጥቀምሉ ትኽእሉ።

## ክትትል

ማእከል ክንክን ጥዕና፡ ንክትትል ሓካኪን ዝምልከት ምሳኹም ቆጸራ ጌሩ ኣሎ።
ድሕሪ ምድሃኒት ምውሳድኩም እቲ ሰሓ ክሳብ 4 ሰሙን ክጸንሕ ይኽእል። እዚ ግን ንቡር እዩ።
መድሃኒት ናይ ሓካኪን ካብ ሓኪም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።